# 8 መጋቢት  ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ

ጽንብል 8 መጋቢት  ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ፖርትላንድ ኦሪጎን ብዕለት 5 መጋቢት 2016 (ማዕርነት ድርዒ ንነባሪ ልምዓት) ብዝብል ቴማ ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ተኸቢሩ ውዒሉ፡ ኣስታት 120 ዝኾኑ ሰባት ተሰቲፎም ከምኡውን ሃማደኤ ስያትልንን ገለ ኣባላት መንእሰያት ህግደፍን ዓበይትን ኣብኡ ተረኺቦም ነቲ በዓል ዝያዳ ድምቀት ወሲኾምሉ ኣምሲዮም፡

መደብ ብዝክረ ሰማእታት ተኸፊቱ ብድሕርዚ  ኣደ መምበር ሃማደኤ ፖርትላንድ ቃል ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ብዛዕባ 8 መጋቢት 2016 መደረ ኣስሚዓ ደቀንስትዮ ኤርትራ ኣብ ዓለም መዳርግቲ ዘይርከቦ ጅግንነት ፈጺመንን ይፍጽማን ኣሎዋ ሕጅውን ዝመጸ እንተመጸ መዓንጣና ሸጥ ኣቢልና ክንቃለስ ምኻና ብስም ኩለን ደቅንስትዮ ቃልና ነሕድስ ክትብል ኣስሚራትሉ፡ ብድሕርዚ ኣቦ መምበር ሃገራዊ ሽማግለ ፖርትላንድ ብስም ኩለን ውዳቤታት ናይ ዮሃና መደረ ኣስሚዑ ከምኡውን ዝተፈላለየ ነቲበዓል ዝምልከት መደረታት ቀሪቡ፡ ኣብ መወዳእታ ብዛዕባ መበል 25 ዓመት ብሩራዊ ኢዮቤልዩ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሃገርና ክንውዕል ከምዘለና ተሓቢሩ ብድሕሪዚ ወጋሕትብል ለይቲ ባህላዊ ጸወታ ተኻይዱ እቲ ብዓል ብሰላም ተዛዚሙ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪን መጎስን ንሰማእታትና<br>
ዓወት ንሓፋሽ!!!